Kainuun sote

27.11.2020

# መምርሒ ኮሮና(COVID19 - ኣብ ካይኑ

## ናይ ኮሮና ቫይረስ ምልክታት

ኮሮና ቫይረስ ተመሓላላፊ ሕማም ኮይኑ፡ ምልክታቱ ኸአ እዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም

- ረስኒ
- ሰዓል
- ሕጽረት ትንፋስ
- ጸረርታ ኣፍንጫ
- ውጽኣት
- ናይ ምሽታት ወይ ከአ መቀረት ስምዒት ምጥፋእ

ኮሮና ቫይረስ ንኣረገውትን ወይ ከአ ሕዱር ሕማም ዘለዋም ሰባት ሓደገኛ ከኸውን ይኽእል እዩ። ኮሮና ቫይረስ ዝሓመመ ሰብ ምስ ዝህንጥስ ወይ ድማ ዝስዕል ናብ ካልእ ሰብ የመሓላለፍ ። ከምኡዉን ኮሮና ቫይረስ ብምትንኻፍ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

## ናይ ኮሮና ቫይረስ ምልክታት እንተድአ ኣለኒ፡ እንታይ ከገብር ኣለኒ?

እንተድአ ናይ ኮሮና ቫይረስ ምልክታት ኣለካ/ኪ እንተኾይኑ ናብ ምርመራ ኪድ/ዲ።

1.ደዉል/ሊ

- ናብ ሆስፒታል ብቑጽሪ ስልኪ 116 117 ወይከአ 040 165 00 20
- ናብዘን ቁጽርታት ምስትድውል/ሊ ብቛንቋታት ፊንላንድን እንግሊዘኛን ነገልግል።

  (ናይ ህጹጽ ሂወት ኣብ ሐደጋ ጥራይ ምስ ዝህሉ ናብ 112 ደውል/ሊ)

2. ናብ ምርመራ ኮሮና ኪድ/ዲ

   - ናብ ካያኒ ሆስፒታል ወይከአ ናብቲ ናትካ/ኪ ምምሕዳር መደበር ጥዕና

3. ድሕሪ ምርመራ ኮሮና ብቀጥታ ናብ ገዛ ብምኻድ ናይ ምርመራ ዉጽኢት ተጸበ/ይ ።

4. ካብ ገዛ ክትወጽእ/ጺ እትኽእል/ሊ እቲ ናይ ኮሮና ምርመራ ዉጺኢት ነገቲቭ

   (ነጻ) ምስትኾውን/ኒ ጥራይ እዮ።

## ካብ ሕማም ኮሮና ብኸመይ ይከላኸል?

- ካብ ካልኦት ሰባት 2 ሜትሮ ርሕቀት ሓልው/ዊ ወይከአ ናይ አፍን አፍንጫን መሸፈኒ (ማስከ) ተጠቀም/ሚ።
- ምስ ሰባት ምርኻብ አጉድል/ሊ። ቡዙሓታት ሰባት ዘለውዋ ቦታታት አወግድ/ዲ።
- ካብ ምጋሽ ተቆጠብ/ቢ እንድሕር ናይ ግድነት ዘይኮነ።
- አእዳውካ/ኪ ቀጻሊ ብማይን ሳምናን ብጥንቃቀ ተሓጸብ/ቢ።
- ኢድካ/ኪ ከትሕጸብ/ቢ እንተዘይኪኢልካ/ኪ ናይ ኢድ አልኮል ተጠቀም/ሚ።
- ከትስዕል/ሊ ወይከአ ከትህንጥስ/ሲ ከለኻ/ኺ አፍካ/ኪ ሸፍኖ/ዮ ። ንአብነት ናይ አፍንጫ  መንዲል ወይከአ እጅገኻ/ኺ ተጠቀም/ሚ። ናብ ከብዲ ኢድካ/ኪ አይትስዓል/ሊ አይትሃንጥስ/ሲ።
- ዓይንኻ/ኺ አፍንጫኻ/ኺ ወይድማ አፍካ/ኪ አይትተናኽፍ/ፊ።

## መምርሒታት

1. ካብ ሰባት ርሕቀትካ/ኪ ሓልው/ዊ



2. እንድሕር ርሕቀት ከትሕሉው/ዊ ዘይከአልካ/ኪ ናይ አፍን አፍንጫን መሸፈኒ (ማስክ) ተጠቀም/ሚ



3. የእዳውካ/ኪ ተሓጸብ/ቢ ከምኡውን ናይ ኢድ አልኮል ተጠቀም/ሚ

የእዳውካ/ኪ

ተሓጸብ/ቢ



4. እንድሕር ሓሚምካ/ኪ ወይከአ ናይ ኮሮና ምርመራ ውጺኢት ትጽበ/ይ እንድሕር አለኻ/ኺ ኮይንካ/ኪ ካብ ገዛ ከይትወጽእ/ጺ

